# መዋእለ ሕጻናትን
# ኣስተምህራዊ ንጥፈታትን ኣብ
# ሞራ ኮሙን



## ሓበሬታ ንሞግዚታት(ወለዲ)

**መግለጽታት**

***መዋእለ-ሕጻናት*** 1-5 ዝዓመቶም

- ካብ 1 ክሳብ 5 ዝዓመቶም ቈልዑ ዝቐንዐ ኣስተምህራዊ ንጥፈት
- ንኹሎም 3-5 ዝዓመቶም ቈልዑ ዝወሃብ ኣስተምህራዊ ንጥፈት(ብዉሑዱ 525 ሰዓታት ኣብ ዓመት) **ሓፈሻዊ መዋእለ-ሕጻናት፣ ወቕተ-ትምህርቲ(ሰሚስተር) ይስዕቦ እዩ።**
- ኣብ ምቹእ ዘይኮነ ሰዓታት ዝወሃብ ሓልዮት። ምሸትን ቀዳመ-ሰንበትን ን1-13 ዝዕድሜኦም ዝወሃበ ሓልዮት።

***ኣስተምህራዊ ሓልዮት*** 1-13 ዝዓመቶም

- ኣብ ቤታ ኮይና ሓልዮት-ቈልዑ ትህብ ሓላዪት (ቈልዓ ትሕዘልካ ሰብ)

***ክፉት መዋእለ ሕጻናት*** 0-6 ዝዓመቶም

- ንኩሎም 0-6 ዝዓመቶም ቈልዑን ሞግዚቶምን(ወላዲኦምን)ዝቐንዐ እዩ። እዚ ዓይነት ትምህርታዊ ትካል ገንዘብ ዘይከፈሎ ኮይኑ እቶም ቈልዑ'ውን ምምዝጋብ ኣየድልዮምን'ዩ።



**ኣብ ሞራ ኮሙን ዘለዉ ቦታታት መዋእለ-ሕጻናት**

ኣብ'ቶም ዝተፈላለዩ ትምህርታዊ ትካላት ተርታ ምሓዝን ኣወሃህባ ቦታን ኣከፋፍላን ኩሉ ብሰክረታርያት ትምህርቲ ይምእከል።

ነፍሰ ወከፍ ኣሃዱ ብሓላፊ ዝኾነ ርእሰ-መምህራን ይምራሕ።

**ናይ ሞራ ኮሙን መስተናገዲ ቍጽሪ ተሌፎን** 0250-260 00

**ምዕራባዊ ቦታ:** Bullerbyn, Canada,
Klockarvägen, Sollerön, Tomtebo, Utmeland,
Venjan, Vika,

ኣብ ምቼእ ዘይኮነ ሰዓታት ዝወሃብ ሓልዮት፣ መዋእለ-ሕጻናት ሆኖከኒ(Hånåkni förskola)

**ምብራቓዊ ቦታ:** Finnsnäs, Gruddbacken, Hindriksheden,
Noret, Nusnäs, Rödmyren, Tuvan, Våmhus.

| | |
|---|---|
| ***ርእሰ-መምህራን*** | www.morakommun.se |
| ***ክፉት መዋእለ-ሕጻናት*** | 0250-260 52 |
| ***ኣብ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ዝሰርሑ ፉሉይ ኣመሃህራ ክእለት ዘለዎም መምህራን*** | 0250-265 83<br>0250-260 91 |

## ሂፐርኔት ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ ቦታ ናይ መዋእለ ሕጻናት/ኣስተምህራዊ ሓልዮት

ኣብ ዝጥዕመኪ እዋናት ጉዳያ መዋእለ ሕጻናት ይኹን ኣስተምህራዊ ሓልዮት ናይ ሞራ ኮሙን ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ብምጥቃም ከተካይዲ ትኽእሊ ኢኺ። ንኣብነት ኣብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ክተመልክቲ ትኽእሊ፤ ኣታዊኺ ክትቕይርዮ ትኽእሊ ወዘተ። ኹሉ እቲ ርክባት ብኢሜል ስለዝኸውን እቲ ኣድራሻ ኢሜልኪ ትዝክርዮ እዋናዊ ክኸውን ከምዘለዎ ኣይትዘንግዒ ኢኺ።

## ኣብ መዋእለ ሕጻናትን ኣስተምህራዊ ሓልዮትን ቦታ ንምርካብ ዘድልዩ ጠለባትን ሕግታትን

ኣብ'ቲ መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ቦታ ክርከብ እንተኾይኑ እቲ ቈልዓ ብውሑዱ 1 ዓመት ዝመልአ ክኸውን ኣለዎ።

እቲ ወላዲ ስራሕ ዘይብሉ(ደላዪ-ስራሕ) ወይ ኣብ ዕረፍቲ-ወላዲ ዝርከብ እንተኾይኑ፤ ንውላዱ ዝፍቀደሉ ሰዓታት 15 ሰዓታት ኮይኑ እቲ ቈልዓ ኣብ ዕድመ መዋእለ-ሕጻናት (1-5 ዓመት) ዝርከብ ክኸውን ኣለዎ። እቶም ሰዓታት ርእሰ-መምህራን ብዘዳለዎም መምርሕታት ይውሰኑ። መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ኣብ ሰሙን ልዕሊ 15 ሰዓታት ክወሃብ እንተ ኾይኑ እቲ ወላዲ ግድን ሰራሕተኛ ወይ ተመሃራይ ክኸውን ኣለዎ።

ደላዪ-ስራሕ ዝኾንካ ወላዲ ኣቐዲምካ ቅድሚ ክልተ ወይ ዝያዳ ሳምንቲ ክትሰርሕ ምዃንካ ትፈልጥ እንተ ኾይንካ፤ ኣብ'ቲ እዋን ስራሕ ከም ዘለካ ስለትቕጻር፣ ኣብ'ታ ናይ'ቲ መዋእለ ሕጻናት ኣፕ(ፕሮግራም) መደባት ስራሕካ መዝገቦ( ውላድካ ኣብተን ትሰርሐለንን ናብ ስራሕ ትጉዓዘለንን ሰዓታት ይፍቀዳሉ)።

## ምምልካት ቦታ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣብ ኣስተምህራዊ ሓልዮት

እቲ ምምልካት ቦታ ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.morakommun.se ብምእታው ይፍጸም። መእተዊ ኮድ ኣየድልን እዩ።

*እቲ ምምልካት እንተ ደንጒየ ኣድላይነት ቦታ ቅድሚ ምልዓሉ ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ክፍጸም ኣለዎ።*

ኣብ ምቹእ ዘይኮነ ሰዓታት ዝወሃብ ሓልዮት ቦታ ከተመልክቱ እንተ ደሊኹም ኣብ ኣድራሻ ኢንተርነት www.morakommun.se ዝርከብ ቅጥዒ(ፎርም) ተመልክትዎ። ሓልዮት ዝወሃበሉ ሰዓታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰንበት ኣብ ሰዓታት 06:30-22:00 እዩ። እቶም ዝጥለቡ ረቛሒቶታት ኣብ'ኡ ኣብ'ቲ ኣድራሻ ኢንተርነት ኣለዉ።

ቦታ ምስ ተፈቕደ፣ እቲ ወላዲ(ሞግዚት) ነቲ ተፈቒዱ ዘሎ ቦታ ዝደልዮን ዘይደልዮን ምዃኑ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሳምንቲ መልሲ ብምሃብ ከረጋግጾ ኣለዎ። እንተ ዘየረጋገጾ እቲ ቦታ ነቲ ድሕሪኡ ኣብ ሪጋ ዘሎ ቈልዓ ይወሃቦ።

## ኣተዓዳድላ ቦታ መዋእለ ሕጻናት

ሕጊ ቐዳምነት ይትግበር። ኣብ www.morakommun.se ረአ።
ነፍሲ ወከፍ ቈልዓ ቦታ ኣበይን መዓስን ከም ዝወሃቦ ዝውስን ዘይተታሕዘ(ፕርሑ) ቦታ ምስ ዝህሉን ምኞት ናይ'ቲ ሞግዚትን(ወላድን) ትሕዝቶ ናይ'ቲ ጉጅለ-ሕጻውንትን ይውስን እዩ።

## ወፈያ ቦታ

ሪጉኦም(ተርታኦም) ናይ ዝኣኸሉ ቈልዑ ተሓጋጋዚ ኣካያዲ ናብ'ታ ከተመልክቲ ከለኺ ዝሃብክያ ኢሜል ወፈያ(ምጠዋ) ናይ'ቲ ቦታ ይልእኽልኪ። መልሲ ናይ'ዚ ወፈያ ኣብ ውሽጢ እቲ ክምለሰሉ ዘለዎ ደረት ግዜ ኣብ ሂፐርኔት ትህብዮ። እታ ሞግዚት(ወላዲት) ኣብ ውሽጢ እቲ ደረት-ግዜ እንተ ዘይመለሳ፣ መሰል ናይ'ቲ ቦታ ይሓልፋ ከምኡ'ውን እቲ ቈልዓ ካብ'ቲ ሪጋ ይወጽእ። ኣድላይነት ናይ'ቲ ቦታ ቅድሚ ምፍጣሩ ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ከምበሓዲሽ ተመልክቲ። ኣብ'ቲ ትምነይዮ መዋእለ ሕጻናት ቦታ እንተ ዘየለ፣ ኣብ'ቲ ኮሙን ዝርከብ ኣብ ካልእ መዋእለ-ሕጻናት ቦት ይውፈየልኪ(ይምጠወልኪ)።

ነቲ ዝመረጽክዮ ዘይኮነ ነቲ ኣብ ካልእ ቦታ ዝርከብ መዋእለ ሕጻናት ሕራይ ኢልኪ እንተ ተቐቢልክዮ እሞ ኸኣ ድሕሪኡ መዋእለ ሕጻናት ክትቕይሪ እንተ ደሊኺ፣ ከም በሓዲሽ ከተመልክቲ ኣለኪ። ዝተወፈየልካ ቦታ እንተ ዘይተቐበልክዮ፣እቲ ኮሙን ብመሰረት ሕገ-ትምህርቲ ምዕራፍ 8 ዓንቀጽ 3 ግዴትኡ ኣማሊኡ ኣሎ። ሓድሽ ምምልካት ቦታ ኣድላይነት ቦታ ቅድሚ ምፍጣሩ ቅድሚ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ከምበሓዲሽ ይምልከት።

## ክፍሊታት

ኮሙን ሞራ ኣከፋፍላ ከከም እቶትካ ዝጥቀም ኮይኑ፤ እዚ ኣከፋፍላ'ውን እንተኾነ ደረት ዘለዎ ዝለዓለ-ክፍሊት(ማክስታክሳ) ይበሃል። ካብ'ዚ ዝለዓለ-ክፍሊት ንላዕሊ ኣይትኸፍልን ኢኺ። ስ'ለዚ እቲ ትኸፍልዮ ኣብ ድምር ኣታዊ ናይ'ታ ስድራቤት ይምርኮስ። ኣብ ዓመት ናይ 12 ኣዋርሕ ትኸፍሊ። እንተ ዘይከፈልኪ እቲ ቦታ ክንፈገኪ ይኽእል እዩ።
ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ www.morakommun.se ኣሎ።

## እቶትካ ምሕባር(ምስትፍላጥ)

እቲ ቈልዓ ኣብ'ቲ ትካል ቅድሚ ምጅማሩ ሓበሬታ እቶትካ ኣብ ሂፐርኔት ክምዝገብ ኣለዎ። ከምኡውን ገለ ለውጥታት እቶት ይኹን ለውጥታት ኩነታት ስድራቤት ምስ ዘጋጥም እሱ'ውን ክምዝገብ ኣለዎ። እቶትኪ እንተ ዘይተሓቢሩ እቲ ዝለዓለ-ክፍሊት ኢኺ ትኸፍሊ። እቲ ዝመዝገብክዮ እቶት ምቁጽጻር ክግበረሉ ይኽእል'ዩ።

## ንክፍሊት መሰረት ዝኾነ ኣታዊ

ኣብ ድንጋገ ዝለዓለ-ክፍሊት(ማክስታክሳ)ተገሊጹ ከም ዘሎ፣ ንክፍሊት መሰረት ዝኾነ ኣታዊ ክበሃል ከሎ ደሞዝ ቅድሚ ቀረጽን ካልኦት ካብ ኣገልግሎት ዝርከቡ ዓይነታት ኣተውትን ብመሰረት ናይ ኣታዊ ሕጊ-ቀረጽ (1999:1229) ኣብ መንግስታዊ ሓገዝ ዝምጠወሉ እዋን፣ ትካላት ድሕሪ'ቲ ኩሉ ወጻኢተታትን ከፊለን ዝተረፉ መኽሰብ የመልክት።

ስለ'ዚ ናይ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት መሰረት ናይ'ቲ ክፍሊት እቲ ጠቕላላ ቅድሚ ቀረጽ ዘሎ ኣታዊ እዩ። ሕግታት ብዛዕባ ኣታዊ ካብ ደሞዝን ኣታዊ ካብ ትካልን ብኸመይ ከምዝቕመር(ከምሕሰብ) ንምፍላጥ ኣብ ናይ ኣታዊ ሕጊ-ቀረጽ ኣሎ።

***መለማመዲ-ትምህርቲ***
*መለማመዲ-ትምህርቲ ዝጅምር ብመሰረት ኣብ'ቲ እቲ ቦታ ከም ተወሃበኩም ዝገልጽ መረጋገጺ ወረቐት ተመልኪቱ ዘሎ'ዩ። ብዛዕባ ሰዓታት ክትፈልጢ እንተ ደሊኺ፣ ነቲ ትካል ትምህርቲ ተወከስዮ።*
ክፍሊት ናይ'ቲ ኣገልግሎት ካብ'ታ መለማመዲ-ትምህርቲ ዝጅመረላ መዓልቲ ይጅምር።

## እቲ ቈልዓ ኣብ’ቲ ትካል ትምህርቲ ዘጸንሓሉ ሰዓታት

**እቲ ቈልዓ ኣብ’ቲ ትካል-ትምህርቲ ዘጸንሓሉ ሰዓታት ዝውሰን በቲ እቲ ሞግዚት(ወላዲ) ዝሰርሓሉ ሰዓታትን ካብ/ናብ ስራሕ ዝጐዓዘሉ ሰዓታትን እዩ።**
እቲ ተቐባላይ ሮቸቢታ(ረሲት) ነቲ እዋናዊ መሰረታዊ-ሰዓታት ናይ’ቲ ቈልዓ ኣብ’ቲ ናይ መዋእለ-ሕጻናት ኣፕ ይምዝግቦ።

መዋእለ ሕጻናት ቀልጢፉ እንተ ተባህለ ሰዓት 06:30 ይኸፈት ደንጒዩ እንተ ተባህለ ድማ ሰዓት 18:30 ይዕጾ።
ኣብ ምቹእ ዘይኮነ ሰዓታት-ስራሕ ዝወሃብ ሓልዮት ኩሉ መዓልትታት ካብ ሰኑይ ክሳብ ሰንበት ካብ ሰዓት 06:30 ክሳብ ሰዓት 22:00 ክፉት’ዩ። ኣስተምህራዊ ሓልዮት ናቱ ፍሉያት ሰዓታት ኣለዊዎ።

ብሓፈሻኡ እቲ መሰረታዊ ሕጊ ከም’ዚ ይብል፡ ሞግዚት(ወላዲ) ነጻ እንተ ኾይኑ እቲ ቈልዓ’ውን ነጻ ኾይኑ ይውዕል። ካብ’ዚ መሰረታዊ ኣሰራርሓ ወጻኢ ክስራሕ እንተ ኾይኑ ፍሉይ ዝኾነ መርመራ ክካየድ ኣለዎ።

## ደረታት ናይ’ቲ ኣብ ትካል ትምህርቲ ዝጽነሓሉ ሰዓታት

እቲ ትካል-ትምህርቲ ብሰንኪ ንሰራሕተኛታት ዝወሃብ ኣስተምህሮን ምድላው-መደባትን፣ ኣብ ዓመት ሓሙሽተ መዓልትታት ይዕጾ። ኣብ’ዘን መዓልትታት እዚኣተን ኣብ ገለ ኣብ’ቲ ኮሙን ኣብ ትርከብ መዋእለ-ሕጻናት መተካእታ ይውፈ።

ኣብ ድሮ ልደት፡ ድሮ-ሓድሽ ዓመት፡ ድሮ ፋሲጋን ድሮ መፋርቕ-ክረምትን (ሚድሶማርን) ትካላት ናይ’ቲ ኮሙን ዕጽዋት እየን።
ኣብ ምቹእ ዘይኮነ ሰዓታት-ስራሕ ዝወሃብ ሓልዮት ነቶም ዝምልከቶም ኣብኡ ዝተወዝዐ ቈልዑ ክፉት እዩ።.

## ኣብ ግዳም ወጺኻ ምዓልን ክዳውንትን

ክዳውንቲ ቈልዑ ምስ’ቲ መዓልታዊ ኣብ ደገ ምውጻእ ዝሰማማዕን ምስ ክሊማ ዝሰማማዕን ክኸውን ኣገዳሲ’ዩ። ከምኡ’ውን እቲ ቈልዓ መተካእታ ክዳውንቲ ክህልዎ ኣገዳሲ’ዩ። ነቶም ክዳውንትን ካልኦት ውልቃውያን ንብረታትን ስም ናይ’ቲ ቈልዓ ገይርኪ ኣመልክትሎም።

ዳይፐር ሞግዚት እያ ተቕርቦ (ብለያ ወላዲት እያ ተምጽኦ)።



## መድሕን (ኢንሹራንስ)

ኣብ ኮሙን ሞራ ዝነብሩ ኩሎም ቈልዑ ቦ'ቲ ኮሙን ሓባራዊ መድሕን ሓደጋ ተገይርሎም ኣሎ። እዚ መድሕን'ዚ ቈልዑ ኣብ'ቲ ትካል-ትምህርቲ ኣብ ዝውዕልሉ እዋን ይኹን ናብ/ካብ'ቲ ትካል-ትምህርቲ ኣብ ዝጎዓዝሉ እዋን ዘጋጥሙ ሓደጋታት የጠቓልል። ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሞራ ኮሙን ኣድራሻ ኢንተርነት www.morakommun.se ተመልከቲ።

## ሓደጋ

ሓደጋ ወይ'ውን ህጹጽ ሕማም ኣብ ዘጋጥመሉ እዋን እቶም ሰራሕተኛታት ንዓኺ ክነግሩኺ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። **ስለ'ዚ ኩሉ ሳዕ እዋናዊ ዝኾነ ተሌፎንኪ ኣብ ሂፐርነት መዝግብዮ።**

## ምስጢር

እቶም ሰራሕተኛታት ምዕቃብ-ምስጢር ብዝብል ሕጊ ስለ ዝምርሑ ከም ማሕበራውን ሕክምናውን ዝኣመሰሉ ውልቃውያን ጉዳያት ናይ'ቲ ቈልዓ ካብ'ቲ ትካል-ትምህርቲ ወጻኢ ንዝኾነ ኣካል ክነግሩ ወይ ከካፍሉ ኣይፍቀደሎምን'ዩ።

ኣብ'ቲ ኮሙን ዝሰርሑ ኩሎም ሰራሕተኛታት ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምዕራፍ 14 ዓንቀጽ 1 ናይ ምሕባር ግዴታ ኣለዎም። እዚ ማለት ዝኾነ ይኹን ሰራሕተኛ ብገለ ዝረኸቦ ሓበሬታ ወይ ፍልጠት ነቲ ቈልዓ ንምክልኻል ምትእትታው ሽማግለ ማሕበራዊ ጉዳያት ዘምርሕ ጉዳይ እንተ ኾይኑ፣ እዚ ናብ ምምሕድዳር ማሕበራዊ ጉዳያት ክሕበር ኣለዎ።



## ቈልዑ ኣብ ዝበኹሩሉ እዋን ዘሎ ኣሰራርሓ

ኣም ሞራ ኮሙን ዘሎ ኣሰራርሓ፣ እቲ ሞግዚት(ወላዲ) ኲሉ ሳዕ ካብ’ታ ፈለማ መዓልቲ ጀሚሩ ኩሉ ዓይነታት ብኲሪት ናይ ቈልዓ ነቲ መዋእለ-ሕጻናት ክሕብሮ ሓላፍነት ኣለዎ።
ብኲሪት ብተሌፎን ዝከኣል እንተ ኾይኑ ድማ ብመልእኽቲ ሞቢል(ኤስኤምኤስ) ነቲ መዋእለ-ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ይሕብሮ። ንውሕስነት ውላድኩምን መደባት ኣብ መዋእለ-ሕጻናት ኣብ ምውጻእን ክትግበር እንተ ኾይኑ፤ እዚ ዓይነት ኣሰራርሓ’ዚ ክንስዕቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ’ዩ።
ቈልዓ ብሞግዚት(ወላዲ) ዘይኮነ ብኻልእ ኣብ ዝግደፈሉ ን/ወይ ዝውሰደሉ እዋን፤ መን እዩ ዝመጽእ ዝብል ሓበሬታ ነቶም ኣብ’ቲ ትካል-ትምህርቲ ዝሰርሕ ሰራሕተኛታት ክሕበሮም ኣገዳሲ እዩ።

መግቢ ክንእዝዝ ከለና ክንደይ ተመሃሮ ከምዝመጹ ምፍላጡ ኣገዳሲ’ዩ።

## እቲ ቈልዓ እንተ ሓሚሙ

እቲ ትካል+ትምህርቲ ዝሓመሙ ቈልዑ ኣይቅበልን’ዩ። ውላድኪ እንተ ሓሚሙ ነቲ ዝምልከቶ ትካል ትምህርቲ ሓብርዮ።
እቲ ቈልዓ ውጽኣትን ተምላስን ዝፈጥር ሕማም ቫይረስ እንተ ሓሚሙ፣ ድሕሪ ምሕዋዩ(ካብ ተምላስን ውጽኣትን ነጻ ድሕሪ ምኳኑ) ናብ’ቲ ትካል ትምህርቲ ቅድሚ ምኻዱ፣ 48 ሰዓታት ኣብ ገዛ ክጸንሕ ኣለዎ። መዋእለ-ሕጻናት ዝኸይድ ቈልዓ ተምላስን ውጽኣትን ዝፈጥር ሕማም እንተ ሓሚሙን ኣሕዋት እንተ ኣለዉዎ፣ ንሳቶም’ውን ከይተረፉ ኣብ ላዕሊ ከም ተጠቕሰ ኣብ ገዛ ክጸንሑ ኣለዎም ምኽንያቱ እቲ ሕማም ነቶም ካልኦት ቈልዑ ከይላበዶም።

ፈውሲ ኣብ ፍሉእ ኩነታት እንተ ኾይኑ ጥራሕ’ዩ ብሰራሕተኛታት ዝወሃብ።

**ውላድኪ ኣብ’ቲ መዋእለ-ሕጻናት/ኣስተምህራዊ ሓልዮት ዝካየዱ ብዙሓት መዓልታውያን ንጥፈታት ስለዝነጥፍ ዓቕሚ ገይሩ ክኽእሎም ከም ዘለዎ ኣይትረስዒ።**

## ሞግዚት(ወላዲ) ምስ ዝሓምም

እቲ ሞግዚት(ወላዲ) እንተ ሓሚሙ፣ እቲ ሕጻን ኣብ’ቲ ምዱብ ሰዓታቱ ይኹን ኣብ ዝተሰማማዕክምሉ ግዜ ኣብ’ቲ ትካል-ትምህርቲ ክርከብ ይኽእል’ዩ።



***ክትዝክርዮም ኣገዳሲ ዝኾኑ ነገራት !***

*ከም ሞግዚት(ወላዲ) እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘለዉ ክትግበሩ ሓላፍነት ኣለኪ:*

- *እዋናዊ ዝኾነ ተሌፎንክ ናይ ገዛኽን ስራሕኽን ኣብ ሂፐርነት ምዝጉብ ክኸውን ኣለዎ።*

- *እንድሕር ንስኺ ዘይኮንክስ ካልእ ሰብ ነቲ ቈልዓ ካብ'ቲ ትካል ትምህርቲ ዝወስዶ ኾይኑ ነቲ ትካል-ትምህርቲ ሓብርዮ።*

- *መሰረታዊ ሰዓታት ትምህርቲ ናይ'ቲ ቈልዓ (ትሰርሕሉ ሰዓታትን ካብ ስራሕ ናብ መዋእለ ሕጻናት ዝወስደልኪ ግዜን) ኣብ ናይ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት ኣፕ ክምዝገብ ኣለዎ።*

- *ብሰንኪ ተኣፋፍነትን ኣለርጂን ናይ ሰባት፣ ብርቱዕ ሽቶታት(ጨናታት) ካብ ምጥቃም ተቘጠቢ*

## ቦታ ምልቃቕ

በቲ ሮቸቢታ (ረሲት) ተቐባላይ ዝኾነ ሰብ ምልቃቕ ቦታ መዋእለ-ሕጻናት ወይ ቦታ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ኣብ ሂፐርኔት ይምልከት። ተፈላሊኹም ትነብሩ ወለዲ ነናትኩም ቦታ ናይ'ቲ ሕጻን እንተ ኣለኩምን ነናትኩም ሮቸቢታ ትኸፍሉ እንተኾይንኩምን፣ ነናትኩም ምልቃቕ ቦታ ድማ ኣብ ሂፐርኔት ተመልከቱ። .

እቲ ምልቃቕ ካብ'ታ ዘመልከትክያ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ወግዓዊ ተፈጻምነት ይህልዎ።

ኣብ ሰነ-ነሓሰ ነቲ ቦታ እንተ ለቒቕክዮ እሞ ኸኣ እቲ ቈልዓ ኣብ'ታ ዓመት'ቲኣ ናብ'ቲ መዋእለ ሕጻናት ቅድሚ 15 መስከረም እንተ ተመልሰ ናይ'ተን ሰለስተ ኣዋርሕ ምኽፋልኪ ኣይክተርፈክን'ዩ።

**ዝውቱራት ሕቶታት**

**ሰዓታት ስርሐይ ተቐያይሩ ኣሎ**
*ምቅይያር ሰዓታት ስራሕኪ ኣብ ግምት ብምእታው፣ እቲ ሓዲሽ ሰዓታት ናይ'ቲ ቈልዓ ኣብ'ታ ኣፕ ናይ'ቲ መዋእለ-ሕጻናት መዝግብዮ።*

- **ምስ መጻምድተይ ስለተፈላለናስ እቲ መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት ከመይ ክኸውን'ዩ?** ክልተኹም መጉዚታት(ወለዲ) መዋእለ ሕጻናት ወይ ኣስተምህራዊ ሓልዮት የድሊ እዩ ትብሉ እንተ ኾይንኩም፣ ነዚ ነታ ኣብ www.morakommun.se ትርከብ ቅጥዒ *delad faktura(ነናትና ክፍሊት) ትብል* ኣብኣ ሓብርዎ።

- ***መጻምድቲ ገይረ ኣለኹ/ ንበይነይ ኮይነ ኣለኹ***
*ምልውዋጥ ኲነታት ስድራቤት(መጻምድቲ ምግባር) ኣብ ሂፐርኔት ይሕበር።*
*መጻምድትኻ ካብ መዝገብ ምውጻእ(ንበይንኻ ምዃን) ኣብ ሂፐርኔት ይሕበር።*

- **ኣነ/ንሕና እቶተይ/እቶትና ተቐይሩ ኣሎ**
*ጃምላዊ እቶትኪ(ቅድሚ ቀረጽ) ኣብ ሂፐርኔት ይምዝገብ።*

- ***ውላደይ መዋእለ-ሕጻናት / ኣስተምህራዊ ሓልዮት ሕጂ ኣየድልዮን'ዩ***
- *ምልቃቕ ቦታ መዋእለ ሕጻናት ይኹን ኣስተምህራዊ ሓልዮት ኣብ ሂፐርነት ይምልከት። እቲ ቈልዓ እንዳቐያየረ ሓንሳእ ምስ ኣዲኡ ሓንሳእ ምስ ኣቡኡ ዝነበር እንተኾይኑ፣ ነፍሰ ወከፍ ወላዲ ምልቃቕ ቦታ ትምህርቲ ናይ'ቲ ቈልዓ ነናቱ ከመልከት ኣለዎ። እቲ ምልቃቕ ካብ'ታ ዘመልከትካያ ድሕሪ ሓደ ወርሒ ወግዓዊ ተፈጻምነት ይህልዎ።*

- **ናይ ሂፐርነት ቃል-ምስጢር(ፓስወርድ) ረሲዐዮ**
*ነታ ኣብ'ቲ ሂፐርነት ትኣትወሉ ገጽ ብሸወደን ቃል-ምስጢር ረሲዐዮ ትብል (glömt lösenord)* ጠውቓ። ድሕሪኡ ኣብ'ቲ ዝሃብካዮ ኣድራሻ ኢሜል ሓዲሽ ቃል-ምስጢር ይለኣኸልካ።

# መረረን(ጥርዓንን) ርኢቶታትን

መጉዚት(ወለዲ) ተመሃሮ ወይ’ውን ካልኦት ተገደስቲ መረረታት ይኹን ርኢቶታት እንተ ኣለኩም ንትካልና ኣብ ምምሕያሽ ጠቓሚ ስለዝኾነ ካብ ምግላጹ ኣይትቈጠቡ።

ኣብ’ቶም ንህቦም ኣገልግሎታት መረረ ይኹን ርኢቶታት እንተ ኣለኩም ብቓል ወይ’ውን ብጽሑፍ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

## ኣከያይዳ ጉዳይ

**ብ1ይ ደረጃ:** ጉዳይኪ ነታ ኣብ ትካልና መዓልታዊ ትረኽብያ ሰራሕተኛ ሓብርያ።.

**ብ2ይ ደረጃ:** ነታ ሓላፍነት ትካል ወሲዳ ትመርሕ ርእሰ-መምህራን መረረኺ ወይ ርኢቶኺ ብጽሑፍ ሃብያ። መረረ/ርኢቶ ትጽሕፍሉ ቅጥዒ(ፎርም) ኣብ www.morakommun.se ወይ ድማ ኣብ እንዳ ሓጋዚ ኣካያዲ 0250-266 08 ክትረኽብዮ ትኽእሊ ኢኺ።

**ብ3ይ ደረጃ:** ነቲ ጉዳይ ምስ’ቲ ዋና ሓላፊ ትምህርቲ ኣልዕልዮ።

ብመሰረት እቲ ካብ ዕለት 1 ሓምለ 2011 ጀሚሩ ዘገልግል ሕገ-ትምህርቲ 4ይ ምዕራፍ ዓንቀጽ 8፣ መረረ ዝምልከተሉ መስርሕ ክህሉ ኣለዎ ይብል፡ *” እቲ ዋና ተሓታቲ ኣንጻር እቲ ቤት-ትምህርቲ ብጽሑፍ ንዝቐረበ መረረ ናይ ምቕባልን ምምርማርን መስርሕ ክህልዎ ኣለዎ። ሓበሬታ ብዛዕባ እዚ መስርሕ ብዝመችኣ መንገዲ ክቐርብ ኣለዎ ”*

# MORA KOMMUN

## För- och grundskoleförvaltningen
## 792 80 MORA

## Tfn 0250-266 05 www.morakommun.se